16 ታሕሳስ 2024

# ጥሮታ ዝወጸት ሓላፊት ክፍሊ ሓበሬታ DCSD (CIO)፡ ንኽልካሊ ቀጽሪ ቴክኖሎጂ ሴራቶ

እዚ ህሞት'ዚ፡ ነቲ Monika Davis ብዛዕባ ሞያኣን መጻኢ ንኣሽቱ መንእሰያት ኣዋልድን ንዝነበራ ኣረኣእያ ከምእትቕይር ገይሩ እዩ።

ቅድሚ ውሑዳት ዓመታት፡ እታ ኣብዚ ቀረባ እዋን ጥሮታ ዝወጸት ዋና መኮንን ሓበሬታ (Chief Information Officer (*CIO*)) ናይ DeKalb County School District (*DCSD*)፡ ኣብዚ ምርኢት ቴክኖሎጂ ኣውራጃ ትሳተፍ ነይራ እያ። ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ ብዛዕባ'ቲ ኣብታ ብደረጃ ጆርጅያ ሳልሰይቲ ዝዓበየት ናይ ኣውራጃ ቤት ትምህርቲ ዝተገብረ ሰፊሕ ትሕተ-ቕርጺ ቴክኖሎጂ ብተዛማዲ ብሰባት ፍልጥትቲ ኣይነበረትን። ኣብ ማእከል'ቶም ልዑል ህንጡይነት ዘለዎም ብዙሓት ሰባት ደው ኢላ ኣብ ዝነበረትሉ እዋን፡ ሓንቲ ኣፍሪቃዊት ኣሜሪካዊት መንእሰይ ተማሃሪት ብኣካል ረኺባታ፣ ኣብዚ ግዜ'ዚ ድማ እታ ኣብ ኣውራጃ ከም - ላዕለወይቲ በዓል-ስልጣን ቴክኖሎጂ - (CIO) ኮይና ትሰርሕ ዝነበረት ጸላም ጓልኣንስተይቲ ምዃና እያ።

“ሰባት፡ ጸላም ጓልኣንስተይቲ CIO ንኽትከውን ስለዘይጽበዩ፡ ኣነ CIO ንኽኸውን ትጽቡት ኣይነበሮምን” ብምባል Davis ትዝክር። “ገለ ተማሃሮ ኣብቲ ቦታ ነይሮም፣ ከምቲ ናተይ ከደራይ ሕብሪ ዘለዋ ንእሽቶ ጸላም ጓል ድማ ምስኦም ነይራ። ኣብ ኩለን ኣብያተ-ትምህርቲ ንዘሎ ኩሉ ቴክኖሎጂ ብሓላፍነት ትከታተል እንተኾይነ ሓቲታትኒ። ‘ዋው! ጸለምቲ ኣዋልድ ናይ ቴክኖሎጂ ሓላፍነት ክህልወን ከምዝኽእል ኣይፈልጥን ነይረ’ ብምባል ተዛሪባትኒ። ጸለምቲ ኣዋልድ፡ ልክዕ ከምቶም ካልኦት ሰባት ዝሰርሕዎ ስራሕ ክሰርሓ ከምዝኽእላ ነጊረያ። ‘ክብረት ይሃበለይ፡ ከምኡ ክገብር እየ’ ስዒረ ክወጽእ'የ” ብምባል ተዛሪባትኒ።

Davis፡ ኣብዚ ዝተኻየደ ንጽል ዝርርብ፡ ሓድሽ ሓይሊ ውክልና ከመይ ምዃኑ ርእያ እያ።

ብመሰረት CIO.com፡ 3.7 ሚእታዊት ናይቲ ኣብ ሕ. መ. ኣሜሪካ ዘሎ ኩሉ መዝነት CIO፡ ብጸለምቲ መራሕቲ ቴክኖሎጂ ሓበሬታ (IT) ዝተመልኤ ኮይኑ፡ እተን ደቀኣንስትዮ ድማ ብቑጽሪ ኣየን ውሑዳት እየን። ኣብ ቀንዲ ስርዓት ትምህርቲ ንዲጂታላዊ ለውጢ ትመርሕ ምንባራ፡ ዓውዲ መሪሕነት ቴክኖሎጂ፡ ንንኣሽቱ መንእሰያት ኣዋልድ ክፉት ምዃኑ እወታዊ መርትዖ እዩ።

Davis፡ ነዚ ስራሕ'ዚ፡ ከም ውልቃዊ ጉዕዞ'ያ ጀሚራ። ፍረ ናይ DCSD ኮይና፡ ኣብ 1989 ካብ Redan High School ተመሪቓ፣ ንምድላው ኮድ፡ ቊጽሪ ኮምፕዩተርን ግራፊክ ዲዛይንን ጽቡቕ ገይራ ትመልኽ እያ። ምስ ተማሃሮ ምስራሕ ዚብል ሓድሽ ጸውዒታ ቅድሚ ምፍላጣ፡ ንሰለስተ ዓመታት ዚኸውን ኣብ Georgia Institute of Technology ስነፍልጠት ኮምፕዩተር (Computer Science) ኣጽኒዓ እያ።

Davis፡ ኣብዛ ኣውራጃ መምህር ንኽትከውን ብወለዲ ምትብባዕ ምስተገብረላ፡ ብስነማሕበረሰብ ዲግሪ ናብ Georgia State University ዝወድኣትሉ ተመሓላሊፋ፣ ኣብ DCSD ድማ ሓውሲ-ሞያዊ መዝነት ተዋሂብዋ። እዚ መምሃሪ ክፍሊ፡ ነዚ ክልተ ምሒር ድሌታት ብሓደ ዘሳነየ ስቡሕ ባይታ ቀልጢፋ ረኺባ እያ። ቴክኖሎጅን ትምህርትን።

“ከም ሓውሲ-ሞያተኛ መጠን፡ ናብ ትምህርቲ ዚውስድ በሪ ረኺባ እያ። ምስ ተማሃሮ ክሰርሕን ኣብቲ ናይ መጀመርታ ፍቕሪ ዝሓዘኒ - ዓውዲ ቴክኖሎጂ ድማ ክነጥፍን ክኢለ እየ” ብምባል ተዛሪባ።

Davis፡ ኣብ Fulton County Schools ከም ፍልይቲ ክኢላ ቴክኖሎጂ ቤት ትምህርቲ ኮይና ብምስራሕ፣ ድሒራ ድማ ብቴክኖሎጂ ምስትምሃርን ትምህርታዊ መሪሕነትን (Instructional Technology and Educational Leadership) ዝለዓለ ዲግሪ ብምርካብ፡ ንዓቕምታታ ብዝያዳ ስሒላ እያ። ናብ DCSD ምስተመልሰት፡ ካብ ፍልይቲ ክኢላ ቴክኖሎጂ ምስትምሃር ጀሚራ፡ ዝለዓለ ሓላፍነት ናብ ዘለዎ መዝነት ዓብያ እያ።

ናብ መዝነት ምሕደራ ተቢዓ ንኽትኣቱ ድሪኽት ንዝገበሩላ ከም ፈላማ ናይ DCSD CIO ዝኾነት ጸላም ጓልኣንስተይቲ Ramona Tyson ንዝኣመሰሉ መራሕቲ ክብሪ ትህብ።

“ኣዝያ ብልጽቲ ኣማኻሪት ነይራ፣ ናብ ዝልዓለ ደረጃ ንኽድይብ ድማ ሓጊዛትኒ እያ” ብምባል Davis ተዛሪባ።

ኣቐዲማ፡ ኣብ ግብራውን ንጥፉን ውህደት ቴክኖሎጂ ኣተኲሩ ንዝሰርሕ ሞያዊ ናይ ትምህርቲ ኮም *IGNITE U* ተመሓድር ነይራ። እዚ ንቕድሚት ዝሓስብ ኣረኣእያ (ጻዕሪ)፡ ኣብ ቴክኖሎጂ ዕሽይ ዘይብሃሎ ዕብየት ከምዝህሉ ትጽቢት ስለዝነበራ፡ መምሃራን ብውርጹጽ ኣገባብ ኪለማመዱ የድልዮም እዩ።

“ቴክኖሎጂ፡ ብቐጻሊ ስለዝቀያየር፣ ሰባት ብቐጻሊ ስለዝቀያየሩ፣ ተማሃሮ ድማ ብቐጻሊ ዝቀያየሩ ስለዝኾኑ፡ ውህደት ቴክኖሎጂ ብቐጻሊ ዝሕይለሉ ኣገባብ ክህልወና ኣለዎ” ብምባል Davis ተዛሪባ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንስራሓት ማንዛዊ ትምህርቲ ኣውራጃ ትመርሕ ነይራ፣ ንሞዴላት ዲጂታላዊ ትምህርቲ ቅርጺ ኣብ ምትሓዝ ንዘለዋ ዓቕምታት ዘርኣየትሉ ን*FLEX Academy* ዳግመ-ለውጥታት ገይራትሉ። ክልተ-ግዜ፡ ከም ግዝያዊት CIO ኮይና ሰሪሓ፣ Davis፡ ኣብ ምጅማር ለበዳ ኮቪድ-19 ድማ እቲ መዝነት-ስራሕ CIO ክፉት ስለዝነበረ ብቐዋሚ ነቲ ስራሕ ተረኪባቶ።

እቲ ናይ ኣውራጃ ቀንዲ ስራሕ፥ ንድጂታላዊ ትሕተ-ቅርጺ ምሉእ ብምሉእ ምቕያር፡ ጐኒ-ጐኑ ድማ ናይ ርሑቕ ትምህርቲ ምሃብ ብምንባሩ - ንዕኡ ምምሕዳር ኣዝዩ ገዚፍ ዕማም ነይሩ። Davisን ጉጅለኣን፡ ነቲ ትጽቢት ዘይተገብረሉ ዘጋጠመ ብድሆታት DCSD ኣብ ምምራሕ ሓያል ጻዕሪ ኣካዪዶም እዮም።

“ናይ ኣውራጃ ቤት ትምህርቲ ትኹን ካልእ ዝኾነ ሰብን፡ ነዚ ለበዳ'ዚ ድሉዋት ኣይነበሩን። ነዚ ነገር'ዚ ብቐጻሊ እናተቓለስና፡ ኣብይ ደረጃ ክንበጽሕ ከምዘድልየና ንኽንፈልጥ ድማ ኣቐዲምና ንሰርሕ ነይርና” ብምባል ተዛሪባ። “ነቲ ንሰርሓሉ ጨንፈር ኣሓዪልዎ፣ ንገዛእ-ርእስና ብዝበለጸ ፈሊጥና። ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ ኣብ ዝሓሸ ደረጃ በጺሕና ኣሎና።”

ኣተኲሮኣ፥ ኣብ ተሞክሮ ተማሃሮ ሰረት ዝገበረ ነይሩ። Davis፡ ነፍስወከፍ መድረኽ (ፕላትፎርም)፡ መሳርሕን ዲጂታላዊ መሳለጥያን፡ ኣብ መወዳእታ ተማሃሮ ብኸመይ ከምዝምሃሩን ኣብ ዓለም ብኸመይ ከምዝነጥፉን ቅርጺ ከምዘትሕዝ ይርድኣ ነይሩ።

“Monika፡ እቲ ናይ መወዳእታ ዕላማ፡ ብዛዕባ ምጥፋእ ድጂታላዊ መሃይምነት እዩ” ብምባል ተዛሪባ። “እቲ እንሰርሖ ዘሎና ስራሕ ብዘየገድስ፡ ሕብረተሰብ ናብ ዝቕጽል ደረጃ ንኽሰጋገር፡ ኲልና ቴክኖሎጂ ክንጥቀም ኣሎና። እዚ፡ እቲ ኣብ ምሉእ ናይ ስራሕ ዘመነይ ልዕሊ ኲሉ ብቐጻሊ ዝገበርክዎ ቀንዲ ነገር እዩ።”

Davis፡ ኣብ ምሉእ ናይ ስራሕ ዘመና፡ ቴክኖሎጅያዊ ብድሆታት፣ ዓሚቑ ዓሌታውን ጾታ ዝሰረቱን ንኡስ ዝዓይነቱ ጸቕጥታት ከምኡውን ናይ መሳርሕትን ወሃብቲ ቀረብን ጥርጣረታት ኣጋጢሙዋ እዩ። ምሉእ ዓቕሞም ክፍትሹ ኣብ ዘይከኣሉ ተማሃሮ ኣብ ዘተኮረ ኣገዳሲ መዝነት ስራሕ ብኣካል ትሰርሕ ከምዘላን ዓወት ከምእተምጽእን ስለእትፈልጥ፡ ዝዓግታን ዘሰንፉን ነገር ኣይነበራን።

“ኲሉ ግዜ ተዓዊተ ስለዝወጽእ፡ በዳሂ ስራሕ ይፈቱ እየ” ብምባል ተዛሪባ። “ከይትፈትዉኒ ትኽእሉ ኢኹም ወይ ድማ ኣብዚ መዝነት ስራሕ ብምህላወይ ደስ ዘይብለኩም ኪኸውን ይኽእል እዩ፣ እንተኾነ ግን ኣብዚ ስራሕ ዘሎና ነቶም ቆልዑ ኢልና ምኻንና ክትርድኡ ይግባእ። እቲ ዝገበሮ ኣተኲሮ ኣብቶም ቆልዑ ክሳዕ ዝኾነን እቲ ዝተዋህበኒ ስራሕ ድማ ክሳዕ ዝሰራሕኩን ኣብ ትኽክለኛ ቦታ ስራሕ ኣለኹ።”

Davis፡ ካብ 30 ሕዳር 2024 ጀሚራ ጥሮታ ወጺኣ ኣላ፣ እቲ ናይ ሰለስተ ዓሰርተ-ዓመታት ብሉጽ ሞያዊ ስርሓ፡ በዚ ቀሊልን ሓያልን መትከል ዝተመርሐ ነይሩ፥ *ቀዳምነት ንተማሃሮ።* ድጂታላዊ ትምህርቲ፡ ንነፍስወከፍ ተማሃራይ DCSD ትርጉም ዘህብን ብቐሊሉ ዚረኽቦን መሳርሒ ንኺኸውን ርእሳ ብምውፋይ ሰሪሓ። መሪሕነት ኣውራጃ ነዚ መሪሕ መትከል ኣዝዩ ዘድንቖ እዩ።

“ሽሕ እኳ ዓመትን ገለ ኣዋርሕን ጥራይ ምስኣ ዝሰራሕኩ እንተኾንኩ፡ Monika፡ ሱር-በተኻዊ ለውጢ ኣብ ቴክኖሎጂ ብምክያድ ንኣብያተ-ትምህርቲ ደካልብ ብምምራሕን ኣብያተ-ትምህርትና ድማ ንመጻኢ ብቴክኖሎጂ ከምዝዕጠቓ ብምግባርን ኣብ መሃዝነት ንዝነበረና ጻዕሪ ቀንዲ እምነ-ኩርናዕ ከምዝኾነት እፈልጥ'የ” ብምባል ዋና-ኣማሓዳሪት DCSD፡ Dr. Devon Q. Horton ተዛሪባ።

“DCSD፡ ናብ ሓድሽ ደረጃን ሓድሽ ብራኸን (New Levels and New Heights) ንኽትሰጋገር ብዙሕ ኣበርክቶታት ብምግባራ ነመስግና፣ ኣብቲ ጥሮታ ንኽትወጽእ ዝግብኣ ግዜ ብምውጽኣ ድማ ኩሉ ሰናይ ነገር ንምነየላ።”

Davis፡ ኣብዚ ናይ ጥሮታ ዘመና፡ ንDCSDን ካልኦት ኣውራጃታትን ብሓድሽ መገድታት ኣብ ዜድግፍ ትምህርታዊ ቴክኖሎጂ ንዘለዋ ብሉጽ ክእለት ብቐጻሊ ከተበርክት እያ። ናይ እተመሓየሸ ትሕተ-ቅርጺ፡ መሃዚ ዝኾነ ስትራተጂታት ድጂታላዊ ትምህርቲ ከምኡውን ውርሻ ውክልና፡ ተኽእሎታትን ተስፉን ኣሰር ሓዲጋ ትኸይድ ኣላ።

“ብዛዕባ ትምህርታዊ ቴክኖሎጂ ኣምልኪቱ ዚግበር ብዙሕ ስራሕ ስለዘሎ፡ ኣብዚ ድጂታላዊ ዓለም ምኽርን ደገፍን ከበርክት ይኽእል'የ ዚብል እምነት ኣሎኒ” ብምባል ተዛሪባ። “እዚ ድማ ንኣውራጃ ብፍሉይ መገዲ ንኽሕግዝን ንኽድግፍን የኽእለኒ።”

Davis፡ ውርሻኣ፡ ንቐልዑ ብምግልጋልን ኣብ መንጎ ትምህርትን ቴክኖሎጅን ድልድል ብምህናጽን ዚፍለጥ ንኺኸውን ተስፋ ኣለዋ። “ከምቲ ኣበርቲዔ ዝሰራሕኩ፡ ሰባት ድማ ኣበርቲዔ ከምዝሰራሕኩ ኪምስክሩለይ እደሊ” ብምባል ተዛሪባ። “ንተማሃሮ፡ ንኣውራጃን ኣብቲ ዝዓዮ ስራሕን ኣዝየ ውፍይትን እምንትን ነይረ። ሰባት፡ ትምህርትን ቴክኖሎጅን ኣጣሚረ ክሰርሕ ከምዝኽኣልኩ ክምስክሩለይ ድማ ተስፋ እገብር።”

ከምቲ ሓደ ግዜ ሓንቲ ንእሽቶ ጓል፥ *“ጸለምቲ ኣዋልድ ኣብ ቴክኖሎጂ ክዕወታ ከምዝኽእላ እፈልጥ ኣይነበርኩን”* ዝበለቶ፡ Monika Davis ድማ ውክልና ኣገዳሲ ከምዝኾነ፣ እቲ ዓንቃፊ ደረታት ክእለ ከምዚኽእል ከምኡውን ኩሎም ተማሃሮ ኣብቲ ዝመረጽዎ ጉዕዞ ሞያ ጽዒሮም ኪዕወቱ ከምዝኽእሉ እተዘኻኽር ሓያል ሰብ እያ።

XXX